ምስ`ቲ ክቀትሎም ዝመጸ !

<u>ይትረፍ እቶም ካብ ክፍሊ ወጻኢ ዝነበሩ፤ ካብቶም ኣብ ክፍሊ ዝነበሩ`ውን ነቶም መምህር ዝተረድእዎምን ዘይተረደእዎምን ነይሮምን ኣለዉን ።</u>

ተማማ ብን ኣሳሊ ዝተባህለ ወዲ የማማ፤ሰፉ ዓጢቑ ንመዲና ሙነወራ እናኣተወ፤ ሰይድና ዑመር ብን ኸጣብ （ረዓ）ደው ኣቢሎም፡-

- ናበይ ኢኻ ?
  - ናብ መሓመድ ። ክቀትሎ`የ ! (ነግ ፈረግ ብዘይብሉ ኣዛርባ)

እቶም ኩሉ ሰብ ካብ ማካ ክሕደት ናብ መዲና እምነት ተሓብኡ ዝሃጅረሉ / ዝወጸሉ ዝነበረ እዋን ዓው ኢሎም “ ኣነ እወጽእ ኣለኹ ኣዲኡ ዝረገመቶ ይስዓበኒ ” እናበሉ ዝወጹ ፤ ታሪኹም ዝፈልጥ ኩሉ፤ ነዚ ተጠሊዑ “ ንመሓመድ ክቀትል`የ መጽኤ ” ዝበለ ኣብ ክልተ ክጩዱዎ ይረኣዮ ይኸውን ! እቲ ዝተረኸበ ግና ካልእ ነገር`ዩ። ምኽንያት ፡-

እቲ ዘመን፡ ዘመን ነቢ መሓመድ （ዓ.ሰ.ወሰላም）፤ ዘመን ሓይልኻ ብሕጊ ዝቅየደሉ፤ ዘመን ፍትሒ ስለ ዝኾነ፤ ስለዚ ንሰይድና ዑመር በጀካ ሰፉ መንዚዕካ ቀይድካ ንነቢ ምሕባር ካልእ ኣማራጭ ኣይነበረሙን።

ነቢ ተጸዊዖም ምስ መጹ ናብቲ እሱር ቀሪቦም ብቱኽረት ክጥምትዎ ድሕሪ ምጽናሕ ናብቶም ሰሓባ ቁሊሕ ብምባል ፡-

- ዝብላዕ ሂብኩሞ`ዶ ?
  - ንመን ? ! （ዝደንጸዎም ሰይድና ዑመር）ንኽቀትለካ ዝመጸ ? ! !

ነቢ“ ነዚ ” ! ናብ ተማማ እናመልከቱ። ኣስዒቦም ፡-

- ያ ኣቡ ሁረራ ንገዛና ከድካ ጸባ ኣምጻኣሉ

ተማማ ቀይዱ ተፈቲሑሉ ፤ ነቲ ነቢ ብየማናይ ኢዶም ዘቀበልዎ ጸባ ሰትዩ ምስ ኣብቀዔ ፤ ነቢ ይብልዎ ፡-

- ተማማ ኣስልም / እስልምና ተቀበል
  - ኣይቅበልን !
- ነቢ ምኳነይ ፈጣሪ ኸኣ ሓደን መሻርኽቲ ዘይብሉ ምኳኑ መስክር
  - ኣይምስክርን !
- በል ደሓን ኩን ፡ ኪድ ነጻ ኢለካ ኣለኹ !

ተማማ ሓያለ ምስ ከደ ፤ ንድሕሪት ናብቲ ዝነበሮ ተመሊሱ ኣብ ቅድሚ ነቢ ደው´ሉ “ ፈጣሪ ሓደን መሻርኽቲ ዘይብሉን ምዃኑ ንስኻ ኸኣ ልኡኽ ፈጣሪ ምዃንካ እምስክር ኣለኹ ” ምስ በለ

ነቢ ብምግራም :-

- ያ ተማማ ! ሓቲተካ ንዘነጸግካዮ ምምስካር ፤ ሕጂ ተገምጢልካ ክትቅበሎ ዝገብረካ እንታይ´ዩ ? !
  - ያ ረሱል´ላህ ብስም´ቲ ዝለኣኸካ ...... ክሳብ´ዛ ንመዲና ዝመጸእኩላ ሰዓት ኣብ ገጽ ምድሪ ከማኻ ገይረ ዝጸልኦ ኣይነበረን፤ ሕጂ ኸኣ ኣሸሂዱ´ላህ ኣብ ገጽ ምድሪ ከማኻ ገይረ ዝፈትዎ የለን።
  - ያ ረሱል´ላህ እመን ምስበልካኒ ካብ መሓመድ ፈሪሑ ኣሚኑ ከይበሃል ፈሪሑ´የ ዘይተቀበልኩኻ ፤ ምሕረት ገርካ ነጻ ምስ ለቀቅካኒ ግና እምነተይ ኣፍሊጠ ፤ እዚ ኸኣ ካብ ዝኾነ ፈሪሒ ዘይኮንኩስ ብሓደነት ፈጣሪ ብምእማነይ´የ ። (ተማማ ብመሰረቱ ብፈጣሪ ዝኣምን ኮይኑ ንፈጣሪ ካለኡት ክልመኑን ቁርባን ክገበረሎምን ዝግባእ መሻርኽቲ ከምዘለዉዎ ዝኣምን ፤ ከምቶም ካለኦት ቁረሽ “ኣሽራኺ” ኢዩ ነይሩ)

ቲማማ ንነቢ ፤ ንመራሕን ኣማሓዳርን ምእመናን ክቀትል´ዩ መጺኡ ! እቶም ንራሕማ / ንርህራሄ ደቂ ሰብ ዝተላእኩ ነቢ ግና ነቲ ክቀትሎም´ሉ ዝመጸ ኣተሓሕዘኦም ሪኢና።

ነዚ ኣተሓሕዘኦም ከም መዔቀኒ ተጠቂምና ፤ ንኹሉ ኣብ ሓንጎልና ክመጽእ ዝኽእል ተግባራት ንዓቅን።

ብዝተረፈ እዞም ነቢ እዚኦም ክሳብ ስርዓት ሃድን ዝመሃሩ ነቢ´ዮም። እቲ ደቂ ሰብ ንባህጊ ንምግያጽ ካብ ጽጋብ ተበጊሶም ክሳብ ክንደይ ዝጭምቱ ምዃኖም ንምርኣይ ዝገብርዎ ፤ ምስ ጥምየትን ምዕንጋልን ዘይተታሓሓዘ ነዕዋፍን ካልእ እንስሳን ዝግበር ሃድን ዘቅጽዕ ሓጥያት ምዃኑ ዝመሃሩ ነቢ´ዮም።

AAHafiz 4/11/2020